Gesundheits-
und Fürsorgedirektion
des Kantons Bern

Kantonsarztamt

Direction de la santé
publique et de la
prévoyance sociale
du canton de Berne

Office du médecin cantonal

ናይ ካንቶን በርን
ምምሕዳር
ጥዕናን ክንክንን

ቤት ጽሕፈት ሓኻይም ካንቶን

Rathausgasse 1
3011 Bern
Telefon+41 31 633 79 31
Telefax+41 31 633 79 29
www.gef.be.ch
info.kaza@gef.be.ch

Anne-Marie Maurer
Telefon+41 31 633 79 32
Telefax+41 31 633 79 29
anne-marie.maurer@gef.be.ch

ናብ
- ንደቆም ናብ መዋእለ ሕጻናት ዝሰዱ ወለዲ
- ወልዲ ተምሃሮ ቤት ትምህርቲ
- ናይ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ ከምኡውን ተመሃሮ ናይ መያ ቤት ትምህርቲ
- ንሰራሕተኛታት መዋእለ ሕጻናት፣ ቤት ትምህርቲ፣ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን ቤት ትምህርቲ መያን

ኣብ ካንቶን በርን

በርን፣ ሚያዝያ 2014

**Tigrinische Übersetzung des Merkblattes über Masern für Kitas, Volksschulen, Mittelschulen und Berufsfachschulen**

**ብዛዕባ ንፍዮ ትሕብር ጽሕፍቲ**
**ንመዋእለ ሕጻናት፣ ቤት ትምህርታት፣ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃን ቤት ትምህርቲ መያን**

**ንንፍዮ ምጥፋእ 2015:**
- **ኣንጻር ንፍዮ ምኽታብ ከይተሕልፍዎ፤**
- **ንፍዮ ዝሓዞ፣ ኣብቲ ቆርበቱ ሹፍ ከብል ምስ ጀመረ፣ ኣብተን ናይ መጀመርታ 4 መዓልታት ኣብ ገዝኡ ከተርፍ ኣለዎ፤**
- **ምስ ሓደ ንፍዮ ዝሓዞ ሰብ ርክብ ዘለዎም ዘይተኸትቡ ውልቀሰባት (ድሕሪ 1964 ዝተወልዱ)፣ ቅድሚ ሕጂ ንፍዮ ዘየሕለፉ እንተኾይኖም፣ ክሳብ 21 መዓልታት ኣብ ገዝኦም ክተርፉ ኣለዎም።**

## ንፍዮ እንታይ እዩ?

ንፍዮ ብጣዕ ሚተላገብቲ ዝኾና ሕማም ረኽሲ እዩን። ናይ ንፍዮ ቫይረሳት ካብ ሰብ ናብ ሰብ በቲ ኣብ ምስዓልን ህንጠሻን ዝርከብ ንጥብጣብ ፈሳሲ እዩን ዝተሓላለፉ። ናይ መጀመርታ ምልክታት ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ድሕሪ በቲ ሕማም ምጅማሩ እዩን ዝርኣያ፡ ረስኒ፣ ንፋጥ፣ ሰዓል፣ ምቕያሕ ዓይኒ። ቀጺሉ ንፍዮ ዝፍለጠሉ ቀያሕቲ ነጥብታት ይረኣያ። እዚኣተን ካብ ገጽ ጀሚረን ኣብ መሉእ ነብሲ ይዝርግሓ ዓቐን እቲ ረስኒ ከኣ ኣብ ክብ ዝበለ ኩነት ይበጽሕ። ብዙሕ እዋን ከም እኒ ነድሪ ማእከላይ እዝኒ ዝኣመሰለ ውስብስብ ይኸተል እዩ (70-90 ካብ 1‘000 ዝሓዞም) ሓደሓደ እዋናት ነድሪ ሳንቡእ (10-60 ካብ 1‘000 ዝሓዞም) ወይ ነድሪ ሓንጎል (2-20 ካብ 10‘000 ዝሓዞም)። ምልማስ ኣካል እውን ከስዕብ ይኽእል እዩ ሓሓሊፉ እውን ንፍዮ ክሳብ ሞት ዘበጽሕ ሳዕቤን ኣለዎ። **እዚ ሕማም ኣብ ዓበይቲ ብርትዕ ይብል ብዙሕ እዋን ከኣ ውስብስብ ሳዕቤን ኣለዎ።**

## ንፍዮ መዓስ እዩን ተላገብቲ ዝኾና?

ሕማም ንፍዮ፣ ኣብቲ እዚ ሕማም ዝሓዞ ሰብ፣ እተን ቀያሕቲ ነጥብታት ምርኣይ ቅድሚምጅማረን እውን ተላጋባይ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ፣ ንፍዮ ኣብ ዝተኸሰቶ ተቐዋም ተሳተፍቲ ዝኾኑ እሞ በዚ ሕማም ክሳብ እዚ እዋን ዘይተታሕዙ፣ ካብዚ ሕማም መከላኸሊ ዘይብሎም ቆልዑ፣ መንእሰያትን ኣብተን ተቐዋማት ዝሰርሑሰባትን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም፡ እዚ ማለት ከኣ እሳታቶም በዚ ሕማም ከይተታሕዙ ኸለው፣ ኣብተን ተቐዋማት ምምጻእ ከቋርጹን ኣብ ገዝኦም ክጸንሑን ኣለዎም።

**ሕማም ንፍዮ ኣብ ሓደ መዋእለ ሕጻናት፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ሓደ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ መያ እንተ ተኸሰተ እንታይ ይግበር?**

ሕማም ንፍዮ ከይዝርጋሕን ነቶም ከሳብ ሕጂ ዘይተኸትቡ ወይ ድማ ክኸተቡ ዘይክእሉ **(ንምሳለ ዕድሚኦም ካብ 9 ወርሒን ታሕቲ ንዝኾኑ ሕጻናት፣ መከላኸሊ ነብሶም ድኹም ዝኾነ ውልቀሰባት)**፣ ካብዚ ሕማም ምእንቲ ክንሕልዎም፣

- እቶም እዚ ሕማም ዝሓዞም ሰባት እተን ቀያሕቲ ነጥብታት ኣብ ነብሶም ክረኣያ ካብ ዝጀምራሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብተን ዝቐጽላ 4 መዓልታት ካብተን ተቐዋማት ተነጺሎም ኣብ ገዛኦም ክጸንሑ ኣለዎም፤
- እቶም ምስ ሓደ በዚ ሕማም ዝተታሕዘ ውልቀሰብ ዝተራኸቡ፣ ካሳብ ሕጂ **ዘይተኸትቡ ወይ ድማ 1964 ወይ ድማ ድሕሪኡ ዝተወለዱ**[1]፣ ምስቲ ሓሚሙዘሎ ሰብ ርክብ ድሕሪ ምግባሮም፣ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ (72 ሰዓታት) ክኸተቡ ዘይከኣሉ እንተኾይኖም፣ **ክሳብ 21 መዓልታት ይንጸሉ እዮም**። እቶም ተነጺሎም ዘለዉ ውልቀሰባት ኣብ **ገዛኦም ክጸንሑ ኣለዎም**።

> ናይ ሰብ ተላገብቲ ሕማማት ንምጥፋእ ኣብ ዕለት 18. ታሕሳስ 1970 ዝተሓንጸጸ ፌደራላዊ ሕጊ ምዕራፋት 11 ን 16ን (ሕጊ ተላጋቢ ሕማም፤ SR 818.101) ከምኡ ድማ ኣብ ዕለት 22. ጉንበት 1979 ዝተሓንጸጸ መምርሒ ፌደራላዊ ሕጊ ምዕራፍ 21 ብዛዕባ ተላገብቲ ሕማማትን ሰዓል ዓባይን (BSG 815.122)፣ ነቲ ዝውሰድ ስጉምታት ሕጋውነት የልብሶ እዩ።

**ካብ ንፍዮ ከመይ ጌርኩም ክትከላኸሉ ትኽእሉ?**

ምኽታብ ጥራሕ እያ ካብ ሕማም ንፍዮ ከተድሕን ትኽእል ስጉምቲ ወይ ድማ እታ ሓንቲ ዋልታ ሰብ ካብ ንፍዮ። ካብ ልዕሊ 30 ዓመታት ጀሚሩ ክታበት መከላኸሊ ንፍዮ ይግበር እዩ። ቆልዑ፣ መንእሰያትን እቶም 1964ን ድሕሪኡን ዝተወልዱ ዓበይትን ክልተ ክታበት መከላኸሊ ንፍዮ የድልዮም እዩ። እስኹም ወይ ድማ ደቅኹም ዘይተኸተብኩም ወይ ድማ እኹል ዝኾነ ዘይተኸተብኩም እንተ ዄንኩም (እዚ ማለት ብሓንቲ ክታበት ጥራሕ) ዝተኸተብኩም እንተ ዄንኩም፣ ክሳብ **ክልተ እስቃጥላ** ዝበጽሕ መማልኢ ክታበት እንተተኸተብኩም ዝመዓድ እዩ።

**ሕጂ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?**

ኩነታት ክታበትኩምን ናይ ደቅኹምን መርምሩ (ንምሳለ በታ ናይ ሳዕቤን መርማሪት ዝተባህለት ሓጋዚት ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.stopmasern.ch)። ኣብታ ናይ ክታበት መጽሓፍ መከላኸሊ ንፍዮ ዝኾና ኣፋውስ ብከምዚ ዝቕጽል ኣስማት እየን ተጠቒሰን ዘለዋ: ኣቴኑቫክስ፣ ሞራተን፣ ሪመቫክስ፣ ሚሰልስ ላይፍ ቫክሲን፣ ኢዮላሪክስ፣ ሞሩቪራተን፣ ትሪቫራተን፣ ቢቪቨራተን፣ ኤምኤምቫክስ፣ ሪምፓሪክስ፣ ኤምኤምኤር-II፣ ኤምኤምኤርቫክስፕሮ፣ ፕሉሰሪክስ፣ ፕሪዮሪክስ፣ ፕሪዮሪክስ ቴትራ። ኣድላዪ እንተኾይኑ እስኹምን ደቅኹምን ተኸተቡ ወይ ድማ መመላእታ ተኸተቡ። ንኹሎም ቆልዑ፣ መንእሰያትን ነቶም 1964ን ድሕሪኡን ዝተወልዱ ዓበይትን መመላእታ መከላኸሊ ንፍዩ ምኽታብ ክሳብ መወዳእታ 2015 ካብ ምኽፋል ነጻ እዩ። መከላኸሊ ንፍዮ፣ ጽግዕን ንፍዮ ጀርመንን ዝኸተብ ነቲ ተወሳኺ ዝኾነ ጥራሕ እዩ ክኸፍል ዘለዎ። ነቲ ዝተረፈ ዋጋታት እቲ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ እዩ ዝሽፍኖ።

**እስኹም ወይ ድማ ቆልዓኹም ምልክት ንፍዮ እንተተራእዩ፣ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?**

ናይ ንፍዮ ጥርጣረ እንተለኩም ኮይኑ፣ ምስ ሓንቲ ሓኪም ወይ ምስ ሓደ ሓኪም ተማየጡ። እቲ ዝሓመመ ውልቀሰብ ንመዋእለ ሕጻናት ይኹን ንቤት ትምህርቲ ክኸይድ የብሉን ወይ ድማ እቲ ዝሓመመ ቆልዓ ካብ መዋእለ ሕጻናት ክርሕቕ ኣለዎ። ናብ ሓኪም ቅድሚ ምኻድኩም ተሌፎን ደዊልኩም ነታ ሓኪም/ነቲ ሓኪም ከተጠንቅቕዎም ኣለኩም።

> ንፍዮ እንተሒዝኩም ወይ ድማ ቆልዓኹም ንፍዮ እንተሒዝዎ፣ እቶም መራሕቲ ተቐዋማት ኣድላዪ ዝኾነ ስጉምቲ ንክወስድ ነቲ ቤት ጽሕፈት ሓኻይም ካንቶን ምእንቲ ክፍልጡ፣ ነቶም መራሕቲ ተቐዋማት ሓብሩዎም።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዘን ዝቕጽላ መርበብ ሓበሬታት ትረኽቡ:www.gef.be.ch (ዓምዲ: ጥዕና፣ ተላገብቲ ሕማማትን ኽታበትን፣ ንፍዮ)፣ www.bag.admin.ch/masern ን www.stopmasern.ch.

ሕውነታዊ ሰላምታ

ቤት ጽሕፈት ሓኻይም ካንቶን

ናይ ሕክምና ዶክተር ያን ፎን
ኦቨርቤክ
ሓኪም ካንቶን

---

[1] እቶም 1963ን ቅድሚኡን ዝተወልዱ ውልቀሰባት ካብዚ ሕማም ነጻ ከም ዝኾኑ እዩ ዝሕሰብ።